# ደቀይ ክታበት ክኽተቡ ኣለዎምዶ?



## መልሲ፡ ብሓፈሻ፡ እወ!

1. ናይ ካናዳ ቢሮ ጥዕና ንህፃናትን ዕድምኦም 5 ልዕሊኡ ንዝኾኑ ህፃናት ናይ COVID-19 ክታበት ንክኽተቡ ኣፅዲቑ እዩ።

2. ክታበት ድማ ደቅኹም ናይ ምትሓዝ ስግኣቶም ይንክይ። ኣብ ሰብነቶም ምስ ዘሎ ተፈጥሮዊ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ይሰርሕ።

3. ዋላኳ ህፃናት ብ COVID-19 ምሒር ናይ ምሕማም ዕድሎም ትሑት እንተኾነኳ እዞም ዝስዕቡ ከጋጥሞም ይኽእል፡
   - COVID-19 ክሕዞምን ናብ ካልኦት ከመሓላልፉ ይኽእሉ
   - ተታሒዞም እናሃለው ምልክት ከየርእዩ ይኽእሉ
   - ክተሓዙን ንነዊሕ እዋን ክፅለው ይኽእሉ



**ትፈልጡዶ ኔርኩም?**

- ሕዱር ሕማም ዝነበሮም ህፃናትን መናእሰይ ብ COVID-19 ተጠቃዕቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።
- COVID-19 ክታበት ነብሶም ነቲ ቫይረስ ንክቃለስ ይሕግዞ። ልክዕ ከም ዓበይቲ፡ ህፃናትን መናእሰይ እቲ ካልኣይ ክታበት ድሕሪ ምውሳዶም 14 መዓልቲ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ይከላኸል።
- COVID-19 ተታሒዞም ዝነበሩ እውን ዓርሶም ንምክልኻል ክታበት ክኽተቡ ኣለዎም።

ደቅኹም ኣለርጂክ ከም ዘለዎም እንተድኣ ተጠራጢርኩም ምስ ሓኪምኩም ተዘራረቡ።

እዚ ትሕዞ እዚ ናይ ሞያዊ ማዕዳ ወይ ክንክን ንምትካእ ዝዓለመ ኣይኮነን። ንዝህልወኩም ሕቶታት ኩሉ ግዜ ናይ ሕክምና በዓልሞያ ኣገልግሎት ወይ ብቑዕ ናይ ጥዕና ክንክን በዓል ሞያ ሕተቱ።

Financial contribution from
Avec le financement de
Public Health Agency of Canada
Agence de la santé publique du Canada

Metropolis
Institute - Institut

ብ ሜድኮም ዝተረጋገፀ - ናይ ማክጊል ሕክምና ተምሃሮ ማሕበር።

Vaccine Uptake Network
Réseau Adhésion Vaccination

**ተወሳኺ መረዳእታ ምርካብ ትደልዩዶ?**

ብዛዕባ ናይ ህፃናት ክታበት ዝምልከት መረዳእታ ኣብዚ ክትረኽቡ ትኽእሉ፡

- Canada government, ‘Vaccines for children: COVID-19’, (መጋቢት 2022)
- Canada government, ‘Vaccines for children: Deciding to vaccinate’ (ጥሪ 2022)
- Immunize Canada, ‘Parents’ (ዲሰምበር2021)
- Children’s Healthcare Canada, ‘Immunizing Children with Confidence’ (ጃንዋሪ 2022)